## ዜና ነሓሰ 22፡ 2007

## ኤርትራ ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን መንግስቲ ኢትዮጵያን ንመንግስቲ ኤርትራ ንምግልባጥ ንምንቅስቓስ ጂሃድ ይሕግዙ'ለዉ ብምባል ትኸሰን።

ኤርትራ ንመንግስቲ ኣሜሪካን ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባን፡ንምንቅስቓስ ጂሃድ ሓገዛት ይህቡ ኣለዉ ብምባል ትኸሰስ። ሚኒስቴር ሚኒስትሪ ዜና ዓሊ ዓብዱ፡ነቲ ቅድሚ ቁሩብ መዓልታት ብመንግስቲ ኣሜሪካ ዝወጸ፡ንመንግስቲ ኤርትራ ተሓባባሪ ግብረ ሽበራውያን ዝገብር መግለጺ "ምኽንያት ዘይብሉን"፡ "ዝንቡዕን" "ብምባል ገሊጹ'ሎ ብምባል መርበብ ሓበሬታ ኣዱሊስ ይሕብር።

ብዘይካ'ዚ እቲ ሚኒስቴር፡ኢትዮጵያ፡ንምሕንጻጽ ዶብ ክልትኤን ሃገራት ንምዝንባዕ ነቲ ንኤርትራ ኸም ኣሸባሪት ሃገር ዝኸሰስ ብኣሜሪካ ዝወጸ መግለጺ ብዕሊ ደጊፋቶ'ላ ይብል።

እቲ መርበብ ብተወሳኺ፡ዓሊ ዓብዱ ምስ ኣልጀዚራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-ልውውጥ፡"እቲ ኤርትራ ሒዛቶ ዘላ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ደጊፋቶ ኣይደገፋቶ ንዓና ዘገድሰና ኣይኮነን" ብምባል፡ነቲ ዋሽንግተን ኣንጻር ኤርትራ ሒዛቶ ዘላ መርገጺኣ ኮኒንዎ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሚኒስቴር፡እዚ ኣሜሪካ ትወስዶ ዘላ ንኤርትራ ዝኹንን መርገጺ፡ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ፍሽለታት የጋጥማ ስለዘሎ ትወስዶ ዘላ ናይ ዓቕሊ ጽበት ስጉምትታት'ዩ ብምባል ገሊጽዎ'ሎ ክብል እቲ መርበብ ይሕብር።

## ኣማኒኤል ሳህለ ዝተባህለ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ሽወደን ዑቕባ ሓቲቱ'ሎ።

ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ጋዜጣዊ ስነጽሑፋትን መጻሕፍትን ብምድላው ክሰርሕ ዝጸንሐ ኣማኑኤል ሳህለ ኣብ ሽወደን ዑቕባ ሓቲቱ'ሎ ብምባል፡ ሬድዮ ኤርትራ ይሕብር።

ኣማኑኤል ሳህለ፡ቅድሚ፡ሕጂ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ከም መምህር ኮኢኑ ሰሪሑ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ንሱ ክሳብ እዚ ቐረባ እዋን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሻዕቢያ፡ ኣብ ዓምዲ ሶሳይቲ ኤንድ ካልቸር ክጽሕፍ ዝጸንሐ ዜጋ'ዩ።

ኣማኑኤል ሳህለ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ሽወደን ሰሚናራት ሂቡ'ዩ፡፡

**<u>ግንባር ሃርነት ኦጋዴን ናይ ወጻኢ ናይ ዘይቲ ኩባንያታት ካብ ከባቢ ኦጋዴን ኢደን ክስሕባ የጠንቅቕ።</u>**

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ኣፍሮል ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ኩባንያታት ዘይቲ ኣብ ኦጋዲን ዝኾነ ዓይነት ድህሰሳ ኽይገብራ፡ እንተዘይኮይኑ ግና ሓደገኛ ስጉምትታት ኣብ ልዕሊኦን ኽምዝውሰድ ሓበሬትኡ የሕሊፉ’ሎ።

እቲ ቅድሚ ሕጂ፡ህይወት ልዕሊ 70 ሰራሕተኛታት ኩባንያ ዘይቲ ቻይና ዝቐተለ መጥቃዕቲ፡መንግስቲ ቻይና ኣብቲ ዞባ ናይ ዘይቲ ድህሰሳ ኽይገብር ዓንቂጽዎ’ዩ ይብል እቲ መርበብ።

ኣዲስ ኣበባ ንግንባር ሓርነት ኦጋዴን ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጂጂጋ ንዝተወስደ መጥቃዕቲ ተሓታቲ ‘ዩ ዝገብሮ።መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጋዜጠኛታትን ሰራሕተኛታት ረዲኤትን ናብቲ ተኣፋፊ ክልል ኦጋዴን ኽይንቀሳቐሱ ሓቢሩ’ሎ።

ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ኣብ ምብራቓዊ እታ ሃገር ዝንቀሳቐስ፡ነህዝቢ ኦጋዴን ይውክል’የ ኢሉ ዝብል ምንቅስቓስ’ዩ።